ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ገብረ ስላሴ ኣስገዶም ዕዳጋ ሓሙስ አብ በጀት ዓመት 2010 ዓ/ም ዝተፈላለዩ ናይ ህንፃ መሳሒ አቁሑት :ኤለክትሪክ አቁሑት ብግለፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ ስለዚ ብቢዝምልከተኩም ዘርፊ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ትደሊዩ ሕጋዊያን ነጋዶ ዝስዕብ ረቆሓ አማልእኩም ክትወዳደሩ ቤት ፅሕፈትና ብክብሪ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥሪ 16, 2010 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 30, 2010 11:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ዕዳጋ ሓሙስ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 30, 2010 4:10 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/

: 1. ናይ 2010 ዓም በቢዘርፉ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ

2. ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ(Tin No) ዝሓዝኩምን

3. ቫት ማለት ዉን ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምሉ ሰርትፊኬትን ናይ ወርሒ ታሕሳስ ሒሳብ ዝረገርሉ መረዳእታ

4. ኣብ መንግሰቲ ንክትጫረቱ ዝተሐደሰ ናይ መቕረቢይነት ሰርትፊኬት መረዳእታ ዝሐዝኩም::

5. ጨረታ ሰዓርቲ እንተኾይንኩም ዝሰዓርኩምዎ ንብረት በቢዝምልከተኩም ዘርፊ ብደብዳቤ ተገሊፅለኩም ዉዕሊ ካብ ዝአሰርኩምዎ ዕለት ጀሚሩ አብ ዉሽጢ 10ተ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ንብረት ብበዓል ሞያ ኣፈቲሹ ናብ ትካልና ኣታዊ ክገብር ዝክእል::

6. ተጫረቲ መወዳደሪ ደኩሜንትኹም ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ኣድራሻን ዘለዎ ናይቲ ትካል ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ አብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ገ/ስላሴ አስገደም ዕ /ሓሙስ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋን ፋይናንስን ንብረት ምም/ር ቢሮ ቁፅሪ 03 ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዲቅ ክተእትዉ ከምትክእሉ::

7. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ዋጋ ዘይምለስ ብር 30.00 /ሳላሳ ብር / ንሕድሕድ ሎታ በቢዝምልከተኩም ዘርፊ እንኽፈልኩም ካብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ኣስገዶም ዕ /ሓሙስ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምር ቢሮ ቁፅሪ 03 ካብ ዕለት 15 /05/ 2010 ዓ/ም ክሳብ 29/05/ 2010 ዓ/ም ክሳብ ሰዓት 11:00 ድሕሪ ቀትሪ እናመፃእኩም ክትወስዱ ትክእሉ::

8. እቲ ጨረታ ዕለት 30/05/ 2010 ዓ/ም ሰዓት 4:10 ኣብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ገ /ስላሴ ኣስገዶም ዕ/ሓሙስ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረክብሉ ይኽፈት::

9. ተጫረቲ በቢ ዝምልከተኩም ዘርፊ ናይ ጨረታ ዉሕስና መከበሪ ንህንፃ መሳርሒ 3000 ቅርሺ ንኤለክትሮኒክስ አቁሑት 2000 ቅርሺ ብ CPO ወይ ብጥረ ገንዘብ ክተትሕዙ ይግባእ::

10. ትካልና መጠን ዝግዛእ ንብረት 20 % ክዉስክ ወይ ክቅንስ ዝኽእል ምኮኑ::

11. ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ኮነ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልዉ እዩ:: ንዝበለፀ ሓበሬታ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ብቴሌፎን ቁፅሪ 0347730211 ደዊልኩም ሕተቱ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle